# ሓበሬታ ንሓተተ ዕቁባ ብምኽንታት ሓዲሽ ሕጊ

ንራብዓይ ግዜ ዝተማሓየሸ ንጸሊቆም ዝኣተዉ ዝከላኸል ሕጊ ካብ ዕለት 12 ታሕሳ 2013 ኣብ ግብሪ ክውዕል ጸዲቑ ኣሎ። ቡዙሓት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣንጻር እዚ ተማሓይሹ ዝወጸ ሕጊ ጥርዓን ናብ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ኣቕሪብና ኣሎና። እንተ ኮነ እቲ ጥርዓን ኣብ ትጽቢት ኣሎ።
እዚ ሓዲሽ ሕጊ ንሓታቲ ዕቑባ ዝምልከት ሓደሽቲ መምሪሒታት ኣጽዲቑ ኣሎ። ብተወሳኺ ድማ ነቶም ንመቦቆል ሃገሮም ክስጎጉ ዘይክእሉ ሰባት ዝኸውን ክፉት መንበሪ ማእከል" ሆሎት" ዝበሃል ኣቂሙ ኣሎ። እዚ ሆሎት ዝበሃል ቦታ ኣብ ደቡባዊ እስራኤል ዝርከብ ክይኑ ካብ መፋርቅ ወርሒ ታሕሳስ 2013 ስርሑ ክጀምር እዩ። መዓስከር ሆሎት ንደቂ ተባዕትዮ ጥራሕ ከም መንበሪ ከገልግል እዩ።
እዚ ሓዲሽ ሕጊ ዝሕብሮ ድማ ዝኾነ ሰብ 2(a)5 ቪዛ ዘለዎ ካብ ወርሒ ንላዕሊ ዘሕለፈ ኣብዝን ናይ ቤት ማእሰርቲ ኣጎልጉሎት ዝህባ ዘለዋ ማእከላት(ከም ሳሃሮኒም,ጊቭኦን ወዘተ ) ክእሰር መምሪሒ ሂቡ ኣሎ። ንዝርዝር ድማ >

1 ዝኮነ ሰብ 2(a)5 ቪዚኡ ***ካብ 30 ክሳብ 60*** ዘሕለፈ **ክሳብ 90 መዓልቲ** ክእሰር ድሕርዚ ዳማ ናብ" ሆሎት" ይሰጋገር።
2 ዝኮነ ሰብ 2(a)5 ቪዚኡ **ካብ 60 ክሳብ 120 መዓልቲ** ዘሕለፈ **ክሳብ 180 መዓልቲ** ክእሰር ይኽእል ፣ ድሕሪዚ ድማ ናብ "ሆሎት" ክሰጋገር እኽእል።
3 ዝኾነ ሰብ 2(a)5 ቪዚኡ **ካብ 120 መዐልቲ** ንላዕሊ ዘሕለፈ **ንሓደ ዓመት** ክእስር እኽእል። ድሕሪ ኡ ድማ ናብ ሆሎት ክሰጋገር እኽእል።

**ብመሰረት እዚ ሓዲሽ ሕጊን ዘሎ ህሉው ኩነታትን ዝኮነ ሰብ 2(a)5 ቪዛ ዘለዎ ኣብ ግዚኡ ክሕድስ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።**

ሓተቲ ዕቁባ ናይ 2(a)5 ቪዛኦም ኣብ ናይ ኢመግሬሽን ቤት ጽሕፈተት ከይዶም ክሕድሱ ይኽእሉ እዮም፣

- **ቴል ኣቪቭ ፣** ጎደና ቱቫል ቁጽሪ ,ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8፣00ቅ/ቀ ክሳብ 17፣00 ድ/ቅ
- **ሓደራ ፣** ጎደና ራምባም ቁጽሪ 19 ካብ ሰንበት ክሳብ ሓሙስ ካብ ሰዓት 8፣00 ክሳብ 17፣00
- **ኢላት ፣** ጎደና ሓሙጻር ቁጽሪ 4 ረቡዕ ካብ ሰዓት 12፣00 18፣30 ሓሙስ ካብ ሰዓት8፣00 ክሳብ 13፣00
ሓበሪታ ናይ በርሽባ ዘሎ ቤ/ጽ ብኽንያት ኣብ ደቡ እስራኤል ዘሎ ናይ ኩናት ሃዋሁ ንግዚኡ ተዓጽዩ ኣሎ።

**"ንሆሎት" ንኽትከይድ ብመገዲ ኢምግረሽን ዝወጸ ቅጥዕታት ወይ ድማ መምዘኒታት ከምዚ ዝስዕብ እዩ።**

- ሱዳናውያን ደቂ ተባዕትዮ ቅድሚ 31/5/2011 ንእስራኤል ዝኣተዉ
- ኤርትርውያን ደቂ ተባዕትዮ ቅድሚ 31/5/2009 ንእስራኤል ዝኣተዉ(ንቢ ዋን ዘለዎም ሓዊስካ )
- ሓዳር ዘለዎም ደቂ ተባዕትዮ ካብ ጻዊዕት ናይ "ሆሎት" ነጻ እዮም።
- ኣብ ገበን ዝተሳተፉ ደቂ ተባዕትዮ ወይ ድማ ገበን ብምፍጻም ተፈሪዶም ማእሰርቶም ዝወድኡ ናብ ሆሎት ክስደዱ ይኽእሉ ኢዮም።

ቪዛ ከተሕድሱ ከለኹም እንተድኣ እቲ ናይ ኣሚግረሽን ኣባል ንሆሎት ንኽትከዱ ክህበኩም ወሲኑ ፣ ጉዳይኩም ዝስመዓሉ ናይ ቆጸራ ዕድመ ክህበኩም እዩ። ብተወሳኺ ድማ ክሳብ እቲ ናይ ቆጸራ መዓልቲ ቪሳ ክወሃበክም እዩ።

**ኣብቲ ናይ ቆጸራ ግዜ ብዝተኻእለ ኩሉ ዘለኩም ደኩመንታት ምሳኹም ሒዝኩም ቅረቡ፣ ን ኣብነት ከምዚ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ፣ ሀ, ዝተመርዓኻ ወይ ድማ ስድራ ቤት ምስ ዝህልወካ መጻምድኻን** ንጥርዓንካ መርትዖ ዝኾኑ ኣገደስቲ ደኩመንት ሒዝካ ናብ ኢሚግረሽን ኪድ። ንኣብነት>

- መረጋገጺ ወረቀት ካብ ሆስፒታል(ኦርጂና ወይ ድማ ኮፒ ኮይኑ ሕብሪ ዘለዎ ማሕተምን ፌርማን ዘማልኤ) ናይ **ክልተ ወለዲ** ኣስማት ዘለዎ ከምኡ ድማ ቁጽሪ ቪዛ ወይ ፓስፖርት ኣብቲ ደኩመንት ዝተጻሕፎ ክኸውን ኣለዎ።
- ናይ ትውልዲ ሰርቲፊከት ወይ ድማ መረጋገጺ ካብ እስራኤል ወይ ከኣ ካብ ዝተወለደሉ ሀገር።
- ናይ መርዓ ወይ ድማ ናይ ጥምቀት ሰርቲፊኬት ካብ ናይ ትውልዲ ሃገር ወይ ድማ ኣብ እስራኤል ካብ ዝርከባ ቤተክርስትያናት። እቲ ሰርቲፊኬት ብትግርኛ ወይ ብኣምሓርኛ እንተ ኮይኑ ፣ **ብእንግሊሽ ዘተጻሕፈ ምኻኑ ውን ኣረጋግጽ።**
- ሰርቲፊኬት ካብ ቤት ትምህርቲ ወይ ፉሉጥ ዝኾነ መዋእለ ህጻናት ናይ ወለዲ ኣስማትን ቁጽሪ ቪዛን ዘለዎ፣ ከምኡ ድማ ናይ ህጻናት ኣስማት ዘማልኤ ክኸውን ኣለዎ።
- ደብዳቤ ካብ ማሕበራዊ ጉዳያት ፣ ሶሻል ዎርከር፣ ዶኩቶር / ጠበቃ/ ዋና ገዛ / ኣስራሒ ወይ ድማ ዝኾነ ንስድራቤት ዝፈልጥ ሰብ ምስክርነቱ ክህብ ዝክእል። ኣብዚ ደብዳቤ ኣስማትን ቁጽሪ ቪዛን ብንጹር ዝተጻሕፈ ምኻኑ ኣረጋግጽ።
- ውዑል/ቅብሊት/ ናይ ባንኪ ሕሳብ ወይ ድማ ዝኮነ ሕጋዊ/ፋይናንሳል ዶኩሜንት ናይ ክልተ መጻምዲ ኣስማትን ቁጽሪ ቪዛን ዘለዎ።
- ናይ መርመራ ጥንሲ ውጽኢት

- ኣቀዲምካ ሙሉእ ስድረቤት ኣብ ዩኤን(UNHCR) ኣመዝጊብካዮ እንተ ኔርካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዩኤን ናይ ዝተመዝገቡ መረጋገጺ ክህቡኻ እዮም።
- ናይ ስድራቤት/ ናይ መርዓ ስእልታት

**ለ, ኣብ ናይ እስራኤል ቤት ትምህርቲ ዝተማሃርካ** እንተ ኮንካ ድማ ስምካን ቁጽሪ ቪዛኻን ዝተማሃርካሉ ዓመታትን ዝገልጽ መሰነይታ ደብዳቤ ካብ ቤት ምትህቲ/ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ሒዝካ ናብ ኢምግረሽን ኪድ። ብተወሳኺ ድማ ዝኾነ ዘለካ ሰርቲፊኬት ተማላእ።
**ሐ, 60 ዓመት ወይ ካብኡ ንላዕሊ** እንተ ምስ ትኸውን ፣ እዚ ኣብ ቪዛኻ ክግለጽ ኣለዎ። ኣብ ቪዛኻ ዝኾነ ጌጋ እንተ ተፈጺሙ ግን ዘለካ ናይ ደገፍ ደኩሜንት ማለት ከም መንነት ፣ ናይ ትውልዲ ሰርትፊኬት፣ ፓስፖርት ሒዝካ ናብ ኢምግረሽን ቅረብ።
**መ, ካልእ ፍሉይ ምኽንያት እንተ ኣለካ** ቪዛ ከተሕድስ ኣብ ትኸደሉ ግለጾ ከምኡ ድማ ጉዳይካ ኣብ ዝስመዓሉ ግዜ ኩሉ ዘለካ ናይ ደገፍ ደኩሜንት ንኢምግረሽን ኣቅርበሎም።.

- ኩሉ ዘለካ ደኩመንት ምሳኻ ተማላእ። <u>**ኩሉ ዝተማላእካዮ ደኩሜንት ክትህብ ውን ናይ ግድን ኣይኮነን**</u>
- ሄብረው ፣ ዓረብ ፣ እንግሊዝ ኣብ እስራኣኤል ቅቡላት ቃንቃታት እዮም <u>**ብእንግሊዝ ን ብዓረብ ዝተጻሕፉ ደኩሜንት ተወሰኺ ምትሩጋም ኣየድልየምን እዩ።**</u>

| |
|---|
| **ጉዳይካ ኣብ ዝረኣየሉ ግዜ ኩሉ ዘለካ ጥርዓንካ ኣቅርቦ ወላ ሓጋዚ ደኩሜንት ኣይሃልወካ ። ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መምዘኒታት እንተ ዘይኣማሊእካ፣ ከም ኣብነት ዝኣተኻሉ ዕለት ክትገልጾ ኣለካ።** |

<u>**ነዚ ኩሉ ጌረ ኢምግረሽን ንሆሎት ዝብል እንተ ሂቦምኒ/ ነቲ ጸዊዕት ናይ ሆሎት እንተ ዘይሰሪዞሞኽ፣**</u>
ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኩሉ ኣገድሲ ደኩሜንታት ትብሎ ሕዝካ ናብ ሆትላይን ምጸእ።

**ኣስተውዕል ኣብዚ ጉዳይ ሆትላይን ኣብዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ሓገዝ ክህብ ይኽእል እዩ( 1) ዝተመርዓኻ ወይ ቆልዑት ምስ ዝህልውኻ (2) ኣብ ናይ እስራኤል ቤት ትምህርቲ እንተ ተማሂርካ (3) ዕድሜኻ ካብ 60 ንላዕሊ እንተኾይኑ (4) ካልእ ፍሉይ ኣጋጣሚ / ምኽንያትን ንዘለዎ።**

<u>**ናይ ጥዕና ጸገማት ምስ ዝህልወኒኽ?**</u>
ናይ ጥዕና ጸገም ንሆሎት ካብ ምኻድ ከም መትረፊ ምኽንያት ክኸውን ኣይኽእልን እዩ። ምኽንያቱ ኣብ "ሆሎት" ናይ ሕክምና ኣገልጉሎት ክትረክብ ስለ እትኽእል። ብዘተኻእለ ኩሉ ናይ ሕክምና ደኩመንታትካ ምሳኻ ውሰዶ ኣብ" ሆሎት" ኣብ ዝኸድካሉ ድማ ንደኩቶር ኣርእዮ። ንናይ ሕክማና ወረቃቅትኻ ኣብ ምድላው ሓገዝ እንተደሊኻ ንሞያውያን ሓካይም ንሰብኣዊ መሰላት(PHR) ተወከስ። ኣድራሻ ጎደና ደሮር ያፎ ቁጽሪ 9

<u>**ንሆሎት እንተ ተባሂለ ደሞዘይ ካብ ኣስራሒየይ ንምውሳድን ወይ ድማ "ሆሎት" ክኸይድ ስለ ዝተነገርኒ ካብ ስራሕ እንተ ተሰጉገ እንታይ ክገብር ኣለኒ፣**</u>
ኣብዚ ጉዳይ ንካቨላ ኦቨድ ዝበሃል ንሰራሕተኛታት ዝጣበቅ ትካል ብዝቀልጠፈ ተወከስ ። ኣድራሻ ድማ ኣብ ጎደና ናሃልት ቢንያሚን ቁጽሪ 75 4ይ ደርቢ እዩ።

<u>**ንኹሉ ዘድሊ ቅጥዕታት ኣማሊኤ ሆትላይን ነቲ ናይ ሆሎት ጸዊዒት ክቅይረለይ እንተዘይ ኪኢሉ እንታይ ክገብር ኣለኒ፣**</u>
ሆትላይን ነቲ ናይ ሆሎት ናይ ምኻድ ጸዊዒት ኣብ ምቅያር ክሕግዘካ እንተ ዘይኪኢሉ፣ እቲ ቀንዲ ኣብ ግምት ከተእትዎ ዘለካ ኣብ ሃገርካ ብዘለካ ጸገማትን ፍርሀን ክትምለስ ዘይትኽእል እንተ ኮንካ ። ኣብ እስራኣኢል መሰል ዕቁባ ናይ ምሕታት መሰል ኣለካ። ነዚ ክሳብ ሕጂ ክትገብሮ እንተ ዘይኪኢልካ ሕጂ ተቃላጢፍካ ግበሮ። ዕቁባ ምሕታት ካብ" ሆሎት" ምኻድ ከተርፍካ እንተዘይ ከኣለ ንተጣበቅቲ ሰብኣዊ መሰላት ኣንጻር እዚ ተማሓይሹ ዝወጸ ሕጊ ጥርዓን ንኽገብራ ግን ሓጋዚ እዩ። መሰርሕ ዕቁባ ምሕታት ብሓገዝ ማእከል ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት መሰልጠኒ ማእከል(ARDC) ክተመልከት ትኽእል። (ኣድራሻ ኣብ ሓድሽ ተካና መርከዚት ክፍሊ(unit) 4919-23, 4ይ ደርቢ እዩ።) ከም ኡ ድማ ኣብ ናይ ካሎኣት ናይ ኮሚኒትይ ሰንትር ተወከስ።

<u>**ቪዛ እንተ ተሰሪቀ ወይ ኣጥፊ እንታይ ክገብር ኣለኒ፣**</u>
ኣብ ናይ ኢምግሬሽን ቤት ጽሕፈት ናይ ባዮሜትርክ ምጽራይ / መርመራ ክትገብር ኣለካ

20 ሓምለ 2014

**ሆትላዪ ንሰደተናታትን ስራሕ ዝምመጹ ዝጣበቅ ትካል**
ጎደና ናሃላት ቢንያሚን , ቁጽሪ 75 2ይ ደርቢ ተል ኣቪቭ
ተሌፎን 035602530 ፋክስ 035605175
ናይ ስራሕ ሰዓታት ሰንበት ካብ ሰዓት 9፣00ክሳብ 12፣00 ካብ ሰዓት 2፣00 ክሳብ 17፣00
ሰኑይ -ረቡዕ ካብ ሰዓት 12፣00 ክሳብ 18፣00
ሰሉስ -ሓሙስ ካብ ሰዓት 9፣00 ክሳምብ 13፣00